## “ኮኾብ ኣፍሪቃ”

ፕረሲደንት ኢሰያስ ኮኾብ ኣፍሪቃ፡
ስምካ ይጽዋዕ ኣሎ ብኹሉ ቋንቋ፡
ጽቡቕ ኣብነት ኮንካያ ንኣፍሪቃ፡
ምዝመዛ ምዕራባውያን ከብቅዕ በቃ።

ዘይሃስስ ምስሊ ዘይቅየር ሕብሪ፡
ዘይርስዕ ዘይጠልም ናይ ቅዳሞት ሕድሪ፡
ስምካ ነባሪዩ ኣብ መዝገብ ብኽብሪ።

ነዊሕ ተጓዒዝካ ዘይትሕለል ዘይትስልኪ፡
ነብሲ ጽማልያ ኮይኑ ቀጢኑ ከም ስልኪ፡
ስለ ሃገር ስለ ፍትሒ ስለ ሓቂ፡
ዘሎካ ዝሃብካ ብዘይ ብቑ፡
ዘበርዓንካ ናይ ተንኮላት ድቒ።

ትዝ ይብለኒ ፍትሓዊ ቃሉ፡
ናይ ባዕልና ጎይቶት ክንከውን ኢሉ፡
እቲ ሸው ብዙሓት ዘየቅለቡሉ፡
ሎሚ ግን ክውሕጥዎ ዝተገደድሉ፡
ጅግና ምኳኑስ ቀደምዩ ተመስኪሩሉ።

ኣብ ኩርምተን ነኺሰን ቃሉ ከዕብራ፡
ዝብሎ ከይስማዕ ሚልዮናት ዘዋወራ፡
ዕሱባት ከቲበን ክፍኣት ዘዓስከራ፡
ኣይከኣላን ሓሳብካ ክኽእትራ፡።

ሃሱሳት ዝመስሎም ንሱ ንበይኑ፡
ረሲያሞ ወኪል ብዙሓት ምኳኑ፡
ንሓፋሽ ዝኣምን ሓፋሽ ኣብ ዝኣምኑ፡
ንሱዩ ልዕሊ ሓያላን ሓያል ኮይኑ።

ቅኑዕ ክሰርሕ ዘየበለ ሰለም፡
ቃላቱ ንጹር ዘይብሉ ቀልዓለም፡
ዘይሃስስ ዉቁጥ ብወርቃዊ ቀለም፡
ክብረ ወሰን ክሕዝዩ ንዘልኣለም።

ዓቃል ብፍጥረቱ ብዙሕ ዘረባ ዘይፈቱ፡
ፈታው ሃገርን ህዝብን መገሻ ዘይናቱ፡
ብስቕታ ከሎ ዝስዕር ጸላእቱ፡
ሳላ ይካኣሎ፡ ዋርሳይ፡ መንደላይ ሰዓብቱ።

ዓመታት ተቓለሰ መኒኑ ንእስነቱ፡
ምንቅ ከይበለ ካብ መትከላዊ እምነቱ፡
ድሕሪ ሱሳ ዓመት ቻይና መስኪራ ጽንዓቱ፡
ራሻውን ኣመስጊና ስለቲ ሓቅነቱ፡
ካብዚ ዝዓቢ ጽፊዒት እንታይ ኣሎ ንጸላቱ።

ንነዊሕ ዝሓሰብ መኽበር ብጾቱ፡
ንዝቐረበ ዝረሓቐ ነሓፍነት ዘይፈቱ፡
ምስሉ ምስሊ ቀደሙ ዝምስክር ጽንዓቱ፡
ዓለም ጀሚራ ክትስንድ ሓቅነቱ።

ብሩህ ኮኾብ ደበና ዘይክውሎ፡
ጨራኡ ሰንጣቒ ዝጎዓዝ በስተብህሎ፡
ዓመጽቲ ፈቲኖም ክርእዩዎ ብሚኒኮሎ፡
ቻይና በጺሑ ምስ ሰምዑ ኣብ ራሻ ኣሎ።
ከም ሕማም ባርያ ነብሶም የንፈጥፍጥ ኣሎ።

እዚ ኮኾብ ፡ ኮኾብ ማሕታ፡
ዝደመቐ ካብ ኮኾብ ወጋሕታ፡
ዓለም ጀሚራ ክትስንድ ናቱ ዛንታ፡
ሃገርና ኤርትራ ብሓቂ ተዓዊታ።

እንተ ንሱ እዚ እሱ፡
ንኹሉ በዲሁ ስኒ ነኺሱ፡
ጸላእቱ ከብዶም ሓሚሱ ሓማሚሱ፡
መራሕቲ ኣፍሪቃ ሕጂ ይፈወሱ፡
ሃብቲ ሃገሮም ባዕሎም ክሓፍሱ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር